ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ዉልቀ ማሕበር ንአገልግሎት ፍሪያት ዝጥቀመሎም ጥረ ኣቅሓ ፒትኮክ ኦምፕርትድ በዝሒ 22 ሽሕ ሜትሪክ ቶን ንሕጋዊያን ኣቅረብቲ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም የካቲት 28, 2018 (ቅድሚ 8 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 17, 2018 9:45 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:--
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:--
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 17, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ናይ ምህንድስና ኣቁሑት/

1 ኣብቲ ግልፂ ጨረታ ዝሳተፉ ኣቅርበቲ አብ መምፃትን ሰደድትን ማለት እዉን ኢምፖርት ኤንድ ኤስፖርት ዝተዋፈሩ ምካኖም ዝገገልፅ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎም

2 ናይዚ ዘበን ግብሪ ዝከፈሉን መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ

3 ተመዝገብቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ማለት እዉን ቫት ዘረጋገፅ መረደእታ ምስ መወዳደሪ ሰነድ አተሓሒዞም ከቅረቡ ዝክእሉ

4 ተጫረቲ ንመከበሪ ዉሕስና ሐደ ሚልዩን ቅርሺ ብሽም ፋብረካ መሰቦ ስሚንቶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ዉልቀ ማሕበር ዝተዳለወ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ስፒኦ ወይ እዉን ዉሕስና ባንኪ ምስ ቴክኒካል ሰነድ ጨረታ ከቅረቡ ዝክእሉ

5 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ተራ ቁፅሪ 2 ምስዝተገለፀ መረዳእታ ብምትሕሓዝ ናይ ትካሎም ኣርማ ማህተምን ዘለዎ ደብዳቤ ናብ ጨረታ ከቅርብ አለዎ

6 ተጫረቲ ብመሰረት እዚ ግልፂ ምልክታ ጨረታ ሓቢሮም ዝተገለፁ ዝርዝር መግለፂታት ዘቅርብዎ ጥረ ኣቅሓ ፒትኮክ ኦምፖርትድ ኣብ እዋን ጨረታ ወይ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ብናይ ባዕሎም ወፃኢ ምርምራ ናሙና ማለት እዉን ሳምፕል ከቅርቡ ግቦኦም እዩ

7 እቲ ናይ ምርመራ ናሙና ዝቀርበሉ ቦታ ድማ ኣብ ከተማ መቐለ ዝርከብ ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ ይከዉን

8 ተጫረቲ ዋጋ መቅረቢ ኣብ ተራ ቁፅሪ 2 ን 3ተ ዝተገለፁ መረዳእታታት ኣብ ተራ ቁፅሪ 5 ዝተጠቀሰ ምርመራ ናሙና ማለት እዉን ሳምፕል ክሳብ 17/7/2018 ዓም ንጉሆ ሰዓት 3:45 አብ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ሰነድ ጨረተኦም አብ ከተማ መቐለ አብ ዝርከብ ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ ዋና ቢሮ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 115 ኣብ ዝርከብ ክፍሊ ዕድጊት ኣቅርቦትን ነዚ ተባሂሉ አብ ዝተዳለወ ሳነዱቅ ጨረታ ከእትዉ ይክእሉ

9 እቲ ጨረታ 17/7/2018 ዓም ንጉሆ ሰዓት 3:45 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:00 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ይክፈት

10 ፋብሪካ ስሚንቶ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ መሉእ ብመሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ስልኪ 0344405806 0912502896 ፋክስ 0344405806 0344410863

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle